# <u>ኣብ ወፃእን ዉሽጥን ንዝትርከቡ ተምሃሮን መሁራንን ተወለድትን ፈተዉትን</u>

# <u>ትግራይ፡ -</u>

ቅድሚሕዚ **ከረምታዊ ወፍሪ ተጋሩ** ብዝብልሽም ኣብ ዓለምንዝነብሩ ተምሃሮን መሁራንን ተጋሩ ብመራከቢ ማዕከናት ኣቢልና ፃዊዒት ምቅራብና ዝፍለጥ እዩ ፡፡ ነዚ ፃዊዒት ድማ ኣብ መላእ ዓለምዝርከቡ ዝምልከቶም ተወለድትን ፈተዉትን ትግራይ ብጣዕሚ ብዘድንቅ መልክዕ ምላሽ ከምዝሃቡን እዚ ፕሮግራም ዉፅኢታዉን ቀፃልነት ዘለዎን ንክከዉን ድማ ምክሮምን ናይ ተዋሳኣይነት መረጋገፂን ምሃቦም ዝዝከር እዩ፡፡ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዉን ነዚ ወፈሪ ኣካል ናይቲ መንግስትና ዛካይዶ ዘሎ ክልላዊ ልምዓትን ናይ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ስግግርን ምካኑ ብምርዳእ ኣድላይ ዘበለ ሓገዝ ከምዝገብር ብመርበብ ሓበሬታ ክልልና ኣቢሉ ቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን ክልል ትግራይ ታሕሳስ 23/2011 ኣብ ዝሃቦ ግብረ-መልሲ ገሊፁ እዩ፡፡

ንድክነትን ድሕረትን ስዒሩ ሱር-በቆስ ዝኮነ ኩለ-መዳያዊ ለዉጢ ዘምፅእ ትምህርትን ትምህርትን ጥራሕ ስለ ዝኮነ ኩላትና ተጋሩ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ኣበርቲዕና ክንሰርሕን ከምፈላማይ ዕማምና ድማ ክንወስዶን ይግባእ፡፡

እስካብ ሕዚ ብኣማኢት ዝቁፀሩ ወገናትና ኣወንታዊ መልሲ ዝሃቡ እንትከዉን ነዚ ቀፃልነት ብዘለዎን ብዝተወደበን ንምክያድ ድማ ኣብ ወፃኢ ናይ ዝርከቡ ተጋሩ ኩለ-መዳያዊ ዳታ-ቤዝ (data base of students and educated diaspora tigrians) እናተዛጋጀወ ይርከብ፡፡ ስለ ዝኮነ ድማ ነዚ ብዓይነቱን ትሕዝትኡን ፍሉይ ዝኮነ ኣብ ትምህርትን ተዛመድቲ ጉዳያትን ትኩረት ዝገበረ ናይ መጀመርያ ወፍሪ ናብ ሽትኡ ንምብፃሕን ቀፃልነት ንክህልዎን ሕዚ እዉን ኣብ መላእ ዓለም ንዝትርከቡ ዝምልከተኩም ወገናትና ፃዊዒትና ናቅርብ፡፡ ምስዚ ጎድኒ ንጎድኒ ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ወገናትናን ኣባላትናን ብዝረከብናዮ ምክርን ዉሳነን ኣብ ቀረባ እዋን ዓለም-ለኸ መተሓባበሪ እና ምክሪ ለጋሲ (ወሃቢ) ኮሚቴ (International coordinating and international advisory committees) መስሪትና ንቲ ኣብ 2010 ኣብ ላዕላዋይ 2ይ ብርኪ ቤት ት/ቲ ሃፀይ ዮሃንስ ዝተጀመረ ፕሮግራምን ካልኦት ተወሰክቲ ስራሕትን ብዝበለፀ ንምስራሕ ክናቓቑም ምካንና እናሓበርና ናይዚ ኣካል ኮይንኩም ክተታሓባብሩ ዝትደልዩ/ዝትክእሉ ብe-mail ኣድራሻና ሽምኩም፡ ክትሳተፍሉ ዝትደልይዎ መዳይ/ኣገልግሎት (advisor, coordinator, tutor etc), ክትህብዎ ዝትደልዩ ዓይነት ት/ቲ (subject or field of specialization),ናይ ስራሕ መስክ (profession :engineer, medical doctor, historian, chemist, biologist etc), current status and location etc ክትልእኩልና ንዉክሰኩም፡፡

ናይዚ ወፍሪ ዓብይቲ ፍፃሜታት ብክፋል፡

- ኣብ 2ይ ብርኪ ቤት ትምህርትታትን ኮለጃትን ትግራይ ንዝርከቡ ተምሃሮ ኣብ እዋን ክረምትን ሓጋይን ነፃ ናይ ት/ትን ምኽሪን (free summer and winter education, consultation service) ወ.ዘ.ተ ኣገልግሎት ምሃብ
- ወገናትና ኣብ ወፃኢ ዘካዕበትዎ ናይ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ፍልጠትን ክእላትን ናብ ክልልና ክምኡ እዉን ናብ ሓዱሽ ወለዶ ዝሰጋገረሉ ተግባራዊ መንገዲ ምፍጣር (innovative technology transfer)
- ኣብ ክልልና ኣብ ዝተፈላለያ ትካላት ዝርከባ ቤተ-ፈተነታት (laboratories) ምጥንካርን ምስ ዓቕመን ዝከይድ ናይ ምርምር ስራሕቲ (small scale researche work) ንክሰርሓ ብኩለ-መዳይ ምሕጋዝ
- ኣብ ትግራይ ዝርከባ ት/ቤታት :ኮሌጃት ወ.ዘ.ተ ምስ ኣብ ወፃኢ ዝርከባ ተማሳሰልቲ ትካላት ኣብ ዝተፈላለዩ ዘፈራት ርክባት ምጥንካር (creating collaborations between school to school or school to college and other institutions )
- ኣብ 2ይ ብርኪን ኮለጃትን ዝርከቡ ተመሃሮ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ብርኪ ንዝርከቡ ተምሃሮ ናይ ት/ቲ መፅናዕቲ ሓገዝ ናይ ምሃብ ዘላቒ ኣገልግሎት (one to one correspondence between high school and/or college students and elementary and junior school students) ንክህልዉ ገንዘባዊ፡ ሞራላዊን ሞያዉን ሓገዝ ምሃብ
- ኣብ ዝተፈላለየ ብርኪ ት/ታትን ኮለጃትን ንዝርከቡ ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝርከብ ንዋየ-ሃብቲ ተጠቂሞም ደረጃኦም ዝምጥንን ግዜ ዝጠልቦምን ናይ ምርምር ፕሮጀክትታት (on basic and applied sciences, engineering etc) ንክሰርሑ እናቀረፅካ ንብሉፃት ተምሃሮ ምቅራብን ሞያዊ :ንዋታዊ እና ናይ ገንዘብ ሓገዝ ምግባር
- ናይ ክልልና ተምሃሮ ኣብ እዋን ዕርፍቶም ኣብ ክልልና ከምኡ እዉን ካብ ክልልና ወፃኢ ኣብ ዝርከባ ፋብሪካታት ተግባራዊ ትምህርቲ ንክረክቡ ምስ ፋብሪካታት ሓበራዊ ፕሮጀክትታት ምቀራፅን ሞያዊን ንዋታዊን ሓገዝ ምግባር
- ኣብ ዉሽጥን ወፃኢን ዝርከቡ መሁራንን ተምሃሮን ብቀሊሉ ናይ ቴክኖሎጂ ስግግር ዝገብርሉ ፡ ናይ ምክርን ተሞክሮን ልዉዉትን ካልኦት ስራሕትን ዝስረሐሉ ናይ E-learning Technology ምጅማርን ምስፍሕፋሕን

- ኣብ መንቀልን መከላከሊኡን ፍልሰት ናይ ዝተማሃረ ሰብ (brain drain) ተከታተልቲ ናይ ምይይጥ ስራሕቲ ምስራሕን brain drain ብ brain gain ክቕየረሉ ዛክእል ጥጡሕ ባይታ ምፍጣርን

ኣብናይ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ስግግርን ምብልፃግን ዝማእከለ ዝገበረ ንኩሉ ናይ ሕ/ሰብ ክፍሊ ዘካተተ ሳምንታዊ ናይ radio እና television ፕሮግራም ንክህልዉን እቲ ሓዱሽ ወለዶ ግዚኡ ኣብ ት/ትን ተዛመድቲ ጉዳያትን ንከዉዕሎ ዓብይ ናይ ምልዕዓል ስራሕ ምስራሕ

- ወ.ዘ.ተ

እዚኦም ካብቶም ብዓሰርተታት ዝቑፀሩ ክስርሑ ኣብ ትልሚ ዝተቀመጡ ስራሕቲ ብክፋል እንትኮኑ ተወሲኽትን ክካተቱ ንዝትደልይዎም ስራሕቲ ንምክታት ካብ ዝኮነ ግዜ ንላዕሊ ዝግጁዋት ምካንና ክንገልፀልኩም ንፈቱ፡፡

ደጊምና ንኩልኩም ዝምልከተኩም ተወለድትን ፈተዉትን ትግራይ ፃዊዒትና እናቕረብና በዚ ኣጋጣሚ ድማን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ፡ መቐለ ዩኒቨርስቲ፡ ዓዲ -ግራት ዩኒቨርስቲ ፡ ትግራይ ሳይንስን ቴክኖሎጅን ኤጀንሲ፡ Aigaforum: Tigrai online: UTNA ክምኡ እዉን ወዓል ሕደር ክይበልኩም ኣዎንታዊ ምላሽ ንዝሃብኩምና ኣብ መላእ ዓለም ዝትርከቡ ተጋሩ ኣሕዋትና ዝከበረ ምስጋናን ኣድናቆትናን ክነቅርበልኩም ንፈቱ፡፡

ካብ ግዚያዊ መተሓባበሪ ኮሚቴ ወፍሪ ተጋሩ ኣብ መዳይ ትምህርትን ተዛመድቲ ጉዳያትን

E-mail: tigrayacadami@yahoo.com